## ስርዓት ህግደፍ ከም ገላዩ በብጽምዲ ብሰንሰለት ኣሲሩ ብመኪና ናብ ማሕዩር ዘግዕዞም ዝነበረ 25 ዕሸላት መንእሰያት ኤርትራ ብዘይ ተረፍ ኩሎም ከምዝተቐዝፉ ምንጭታት ሓቢሮም።

ስርዓት ህግደፍ፡ ካብ ሳዋ 'ኮብሊልኩም' ብዝብል ምኽንያት ኣብዚ ሰሙንዚ ካብ ኣስመራ ዝለቐሞም ካብ 21 ክሳብ 25 ዝዕድሚኦም 25 ዕሸላት መንእሰያት ከም ገላዩ በብጽምዲ ብሰንሰለት ኣሲሩ ብመኪና ናብ ማሕዩር ናብ ከረን ገጹ ከግዕዞም ከሎ፡ እታ ዝጓዓዙላ ዝነበሩ ናይ ጽዕነት መኪና ስለዝጸደፈት ኩሎም ብዘይ መላሲ ኣውያት ብሓንሳብ ከምዝሃለቑ ምንጭታት ካብ ኣስመራ ሓቢሮም ።

እቲ ግፍዐኛ ስርዓት፡ ገበኑ ምእንቲ ክሓብእን ኣመል ኢሰብኣውነቱ ከይተርፎን፡ ንሬሳ ናይቶም ከካብ ገዝኦም ዝለቐሞም ንጹሃት መንእሰያት ንቤተሰቦም ኣብ ክንዲ ምርካብ ኣብቲ ዝጸደፉሉ ቦታ ኣብ ጋህሲ ከምዝቐበሮም እቶም ምንጭታት ብተወሳኺ ሓቢሮም።

ስርዓት ህግደፍ፡ 20 ሰነ መዓልቲ ስዉኣት ኣመኽንዩ፡ 'ብዛዕባ ህይወትን መስዋእትን ኤርትራውያን በቲ መሳርሒ ፕሮፖጋንዳ ዝኾነ ማዕከናት ዜናኡ ንብዓት ሓርገጽ ብምንባዕ ህዝቢ ንምትላል ክፍትን ኳ እንተቐነየ፡ ኣብ ቅነ ሰማእታት ባዕሉ 25 ንጹሃት መንእሰያት ምቕታሉ፡ ናይ ስልጥኑ ኣምበር ናይ ኤርታርውያን ቅንታብ ተገዳስነት ከምዘይብሉ ደጊሙ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነት እዩ።